

ግንባርቶሮንቶ. ኮም
ፌብሩዋሪ 10፡ 2020

# <u>ምስጢረ ድርፎን ጸሎትን</u>

**ብኢንቨስቲገይተር ሃይለ መንገሻ ዑቕበ**

**<u>ክፋል ሓደ</u>**

**ኢንቨስቲገይተር ሃይለ መንገሻ ዑቕበ፡ ኣብ ፌብሩዋሪ 8፡ 2020፡ ኣብ ፓልቶክ፡ ኤርትራዊ ክፍሊ ሕድሪ ጀጋኑና፡ ንኣስታት 300 ሰማዖ ኤርትራውያን፡ ብዛዕባ ኣመጻጽኣ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ን2ይ ግዜ፡ ኣብ ሰማዖ ኣድናቖትን ምስጋናን ፍስሃን ዘሕደረ፡ ርጡብ መጽናዕቲ ኣቕሪቦም።**

## <u>ደጉዓ ተምቤን</u>

**ኢንቨስቲገይተር ሃይለ፡ ሱረ-ደም ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ እንዳ ምራጭ ወልደኪዳን ናይ ደጎዓ ተምቤን፡ ትግራይ ከምዝኾኑ ንሰማዖ ተንቲኖም።**

# ደጃዝማች ወልደኪዳን ናይ ደጉዓ ተምቤን፣ ትግራይ

1ይ ወለዶ

ደጃዝማች ምራጭ ወልደኪዳን

2ይ ወለዶ

ደጃዝማች ካሕሳይ ምራጭ



ኣፄ ዮውሃንስ 4ኛ

ራስ ሓጎስ ምራጭ

3ይ ወለዶ

ልኡል ኣርኣያ ስላሴ ካሕሳይ

ራእሲ መንገሻ ካሕሳይ (ዓቢ.)

ኣብርሃ ኮብላሊ ናይ ኣባ ሻውል
(ደጃዝማች ኣብርሃ ሓጎስ ናይ ቴምቤን )

4ይ ወለዶ

ራእሲ ጉግሳ ኣርኣያ ስላሴ

ራእሲ ሃይለ ስላሴ ጉግሳ

ልእልቲ ኣጠናሽ መንገሻ

ራእሲ ስዩም መንገሻ

ደጃዝማች ሰለሞን ኣብርሃ

ቀኛዝማች ኣፈወርቂ ኣብርሃ

ካፒቴን መኮነን ኣብርሃ

ኣቶ ሓጎስ ኣብርሃ

5ይ ወለዶ

ራእሲ መንገሻ (ሰለሙን) ስዩም (ንኡሽ)

ኣማረ 11:
ኢሳያስ 10:
ኤርሚያስ 9:
ኣማኑኤል 8:
ጽገረዳ 7:
ናርዶስ 6:
ዮናስ 5:
መዋእል 4:
ጴጥሮስ 3:
ኤፍሬም 2:
ኣርያም 1:

6ይ ወለዶ

ስርወ ንግስነት እንዳ ምራጭ
10 ጁላይ 1896፡ ደጃዝማች ኣብርሃ ሓጎስ ናይ ቴምቤን (ኣብርሃ ኮብላሊ) ምስ ጓል ሓዎብኦም ልእልቲ ኣጠናሽ መንገሻ ቃል ኪዳን ኣሰሩ።

ራእሲ መንገሻ (ንኡሽ) ናይ ቀሺ ስሞም "ሰለሞን" ነበረ። ደሓር ኣብኦም ራእስ ስዩም፡ ናብ "መንገሻ" ቀየሩሎም።

ኢንቨስቲገይተር ሃይለ፡ ካሕሳይ ምራጭን ሓጎስ ምራጭን ቆመና የሕዋት ምኻኖም፡ ንሰማየ ሓቢሮም። ካሕሳይ፡ ኣፄ ዮውሃንስ 4ኛ፡ ንጉስ ዘኢትዮጵያ ከምዝኾኑ፡ ሓጎስ ድማኒ ራእሲ ሓጎስ ናይ ተምቤን ከምዝኾኑ፡ ንሰማየ ኣመልኪቶም።

ራእሲ ሓጎስ፡ ኣብ 19 ጀንዋሪ 1897፡ ኣብ ዓዲ ጩማይ፡ ከባቢ ሽረ፡ ትግራይ፡ ምስቶም ምዑት ጀነራል ናይ ኣፄ ዮውሃንስ፡ ራእሲ ኣሉላ ዑቕቢን (ኣባ ነጋ) ውግእ ገጢሞም፡ ብራስ ኣሉላ ዑቕቢን ተሳዒሮም፡ ተወጊኦም ተማሪኾ። ዑዉት ራእሲ ኣሉላ፡ ነቶም ስዑርን ውጉእን ምሩኽን ራእሲ ሓጎስ ብገመድ ክሕነቑ ስለዝፈረድዎም፡ ራእሲ ሓጎስ ኣብ ሜዳ ውግእ ዓዲ ጩማይ፡ ተሓኒቖም ከምዝተቐትሉ፡ ኢንቨስቲገይተር ሃይለ ንሰማየ ተንቲኖም። ኣብ ዓዲ ጩማይ ወዳቓይ ራእሲ ሓጎስ፡ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ናይ ኣባሓጎ ኣቦ ኢዮም።

ኢንቨስቲገይተር ሃይለ፡ እቲ ፈለማ ካብ ደጎዓ ተምቤን ናብ ናብ ኮሎኒያ ግዝኣተ ጣልያን ዝተሰደደ ትግራዋይ፡ ደጀዝማች ኣብርሃ ሓጎስ ምራጭ (ኣብርሃ ኮብላሊ) ከምኻኑ ንሰማየ ሓቢሮም። እቲ ጥውይዋያትን ሕልኽላኻትን ዝመልኦ ታሪኽ ሂወት ኣብርሃ ኮብላሊ፡ ንሰማየ ብዝርዝር ተንቲኖም። ኣብርሃ ኮብላሊ፡ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣባሓጎ ኢዮም።

<u>ደምበ ድርፎ</u>

ኣብርሃ ኮብላሊ፡ ኣብ ኮሎኒያ፡ መዋእሉ ኣብ ኣባ ሻውል፡ ኣስመራ ይቕመጥ ከምዝነበረ፡ ኣብ ትሕቲ ጣልያን ከም ኩብራሪዮ (ሚነዋለ) ተዓሲቡ ሂወቱ ይመርሕ ነበረ። ድሕሪ ቁርብተይ ዓመታት፡ ኣብርሃ ኮብላሊ ብጎይተቱ ጣልያን

"Capo Coprale" ወይም ካቦ ኩብራሪዮ (መራሕ መስርዕ ሚነዋለታት) ከምዝተሾመ፣ ሰማየ ተሓቢሮም።

ኣብርሃ ኮብላሊ፣ ካብ ኣባ ሻውል ተበጊሱ፣ ፈላማ ኣብ ድርፎ ብኢደ ዋኒኑ፣ ኣእማን ነዲቑ ደምበ ሃኒጹ ነበረ። ኮይኑ ግን ደምበ ድርፎ ብሰሪ ዘይስገር ኣጻድፍን ሙቐትን ኣጻምእን ኣህባይን፣ ኣብርሃ ኮብላሊ ባዕሉ ነቲ ዝሃነጾ ደምበ ድርፎ ከምዝራሕርሖን ንኣባ ሻውሉ ከምዝተመልሰን፣ ንሰማየ ተገልጸሎም።

<u>ደምበ ጸሎት</u>

ድሕሪ ፍሽለት ድርፎ፣ ቀጽሉ ኣብርሃ ኮብላሊ ቆላሕትኡ ናብ ጸሎት፣ ከባቢ ኣስመራ ኣዞረ። ኣብርሃ ኮብላሊ፣ ኣብ ከብዲ ዓዲ ወይ ከባቢ ዓዲ ጸሎት ዘይኮነስ ኣብ ርሑቕን ኩውልን በረኻ ናይ ጸሎት፣ ብኢደ ዋኒኑ ንእሽቶ መሬት ጸሎት ከሊሉ፣ ኣብቲ ዝኸለሎ ዘይሕጋዊ መሬት ጸሎት ዘይሕጋዊ ደምበ ሃኒጹ ከምዝነበረ፣ ኢንቨስቲገይተር ሃይለ ንሰማየ ገለጹ። እቶም በቲ ሓድሽ ርስያ መሬት ዝተገረሙ ደቂ ዓዲ ጸሎት፣ ነቲ ዘይሕጋዊ ጓና ከምዝገጠምሉን መሬቶም ለቐቑ ንእለቱ ከልግስ ተሪር ስምዕታ ከምዝሃብዎን፣ ተሓበረ።

ኣብርሃ ኮብላሊ ግን ንደቂ ዓዲ ጸሎት ኣሻፈረኝ በለ። ናብ ኣስመራ ብምኻድ ነታ ዝነበረቶ ዕንጥልጥሉ ሽመት ናይ ካቦ ኩብራሪዮ ተጠቒሙ፣ ነቶም ጎይቶቱ ጣልያን ፈፊው ኢሉ ሓገዝ ለመኖም። ጎይታ መሬት ጣልያን፣ በቲ ናቶም ካቦ ባራዩ ቦቕቢቖም፣ ካብ ኮማሳሪያቶ ሓማሴን ንጭቃ ዓዲ ናይ ጸሎት ወረቐት ጽሒፎም፣ "ነቲ ኣብ ጸሎት ገዛ ዝሰርሐ ጋሻ፣ ገዝኡ ከይትትንክፍሉ።" ዝብል ትእዛዝ ብምልኣኽ ንኣብርሃ

ኮብላሊ ዘረይሉ። ደምበ ኣብርሃ፡ ካብ ቋጥዐን ምሕንሓንን ደቂ ዓዲ ጸሎት ክትድሕን በቕዐት።

<u>ፍቕሪ ማዕዶ</u>

ኣብርሃ ኮብላሊ፡ በብእዋኑ ካብ ኮሎኒያ ንተምቤን ደርሶ መልስ እናተመላለሰ፡ ነታ ኣብ ተምቤን ዝሓደጋ በዓልቲ ቃል ኪዳኑን ጓል ሓዎብኡን ልእልቲ ኣጠናሽ ጓሎም ንመንገሻ ካሕሳይ ምራጭ፡ ኣብ ፍቅሪ ማዕዶ ይመላለሳ ነበረ። ካብቲ ፍቕሪ ማዕዶ፡ 1ይ፡ልጅ ሰለሞን፡ 2ይ፡ልጅ ኣፈወርቂ፡ 3ይ፡ልጅ መኮነን፡ 4ይ፡ልጅ ሓጎስ፡ ብተርታ ኣብ ተምቤን ተወልዱ።

ድሓር ኣብርሃ ኮብላሊ፡ ንልጅ ኣፈወርቅን ንልጅ መኮነንን ጉብዝ ምስበሉ፡ ካብ ተምቤን ናብ ኣባ ኣሻውል ኣምጺኡ፡ ባዕሉ ኣብ ኣስመራ የዕቢዮም ነበረ።

ኣብርሃ ኮብላሊ፡ ምስተን ኣብ ኣባ ሻውል፡ መላምንቲ ሓዊ ዝነበራ ወይዘሮ መድህን ደጃዝማች ስእሉ (መድህን በራድ) ጥቡቕ ሌላ ብምምስራት፡ ነቲ ጭሕሚ ከውጽእ ዝጀመረ ኣፈወርቂ ወዶም ምስ ጓል መድህን በራድ፡ ወይዘሮ ኣዳነሽ በርሀ ገብርሂወት ንመርዓን ደርዓን ከምዝበጽሕ ገበርዎ።

<u>ጎንደር</u>

ኢንቨስቲገይተር ሃይለ፡ እቲ ስጊንጢር ኢሳያስ ኣብ ጎንደር ከይዱ ነቶም ጎንደረኛታት፡ "ኣባ ሓጎይ'እኮ ኣብዚ'ዩ ተቐቢሩ" ዝበሎም፡ በርሀ ገብርሂወት (ኣቦ ኣዳነሽ) ከምምኻኑ፡ ንሰማዖ ሓቢሮም። በርሀ፡ ነጋዳይ ምንባሩን ኣብ ሸቐጣ ሸቐጥ እንከሎ ኣብ ጎንደር ብድንገት ሓሚሙ፡ ኣብ

ጎንደር ከምዝተቐብረ፡ ሰማያ ንምስጢር ጎንደር ካብ ኢንቨስቲገይተር ሃይለ፡ ብፍስሃ ከምዝሰነቐዎ ይሕበር።



ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ክቡር ደጀዝማች ሰሎሞን ኣብርሃ ናይ ወሎ እንደራሴ

ኣብርሃ ኮብላሊ፡ ንኣፈወርቂ ወዱም ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ መርዓን ደርዓን ኣብጺሒዎም ኣቶ ምስኣበልዎ፡ ንኣፈወርቂ ናብታ ዓባይ ቤቶም ትግራይ፡ እንዳ ቆጽልን (ሽመትን) ክብርን ክምለስ፡ ምኽርታት ሂቦም ድርኺት ፈጠሩሉ።

<u>ቀኘዝማች</u>

ኣቶ ኣፈወርቂ፡ ብምኽርታትን ድርኺትን ናይ ኣቦ ንትግራይ ምስተመልሱ፡ ፈለማ "ከንቲባ ኣፈወርቂ" ዝብል ቆጽሊ ተሸሙ፡ ስዒቡ "ቐኘዝማች ኣፈወርቂ" ተደግሙ። ምኽሪ ኣቦ፡ ንኣቶ ኣፈወርቂ ብተግባር ከምዝሰርሓሎም፡

ኢንቨስቲገይተር ሃይለ ንሰማያ ኣነጸሩ። ብዘይክኡ፡ ቐኛዝማች ኣፈወርቂ ኣብ መቐለ፡ ናይ መንግስቲ ስራሕን ናይ ባዕሎም መኖሪያ ቤትን ውሽማ ቤትን ከምዝነበሮም ንሰማያ ተሓበረ። ኣብ መቐለ ድማኒ ብጽቡቕ ተጣይሾም፡ ኩሩዕ ናብራ ደገዝማቲ ይመርሑ ነበሩ።

ቐኛዝማች ኣፈወርቂ፡ ካብዚ ብጽቡቕ ዝተጣየሸ ናብራ ናይ መቐለ ናብ ኣስመራ ደርሶ መልስ እናተመላለሱ፡ ኣብ ሓያሎ ዓመታት ንበዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ኣዳነሽ በርሀ ገብርሂወት ናይ ገዛ ብርሃኑ፡ ኣስመራ፡ ኣብ ፍቕሪ ማዕዶ፡ 11 ቆልዑት ወለዱለን። ንሶም፡ 11፡ኣማረ 10፡ኢሳያስ 9፡ኤርሚያስ 8፡ኣማኑኤል 7፡ጽገረዳ 6፡ናርዶስ 5፡ዮናስ 4፡መዋእል 3፡ጴጥሮስ 2፡ኤፍረም 1፡ኣርያም፡ ኢዮም።

<u>ርካብ ኣብ ዘንቢል</u>

ጡረተኛ ቐኛዝማች ኣፈወርቂ፡ ኣብ 1991፡ ኤርትራ ነጻነታ ምስተጓናጸፈት፡ ንወዶም ኢሳያስ ኣፈወርቂ "ዕልልልል ዝወደይ" ክብልሉ፡ ፍስሃን ዓቢ ተስፋን ተሓንጊጦም፡ ካብ መቐለ ናብ ኣስመራ መጺኦም ነበሩ። ግና እቲ ካብ ሱሩ መሰረቱ ናይ ምሕባእ ዝመለኮቱ ሳጥናኤል ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ከም "ክቡር ኣቦይ ቐኛዝማች ኣፈወርቂ" ዘይኮነስ ከም ሓደ "ርካብ ኣብ ዘንቢል" ጨ ከተቶም። በቃ፡ ጡረተኛ ቐኛዝማች ካብ ውላዶም ዘይተጸበይዎ ሓዘን ተሸኪሞም ናብታ መቐሌኦም ተመልሱ። ጡረተኛ ቐኛዝማች፡ ኣብ መጀመርያ ናይ 90ታት፡ ኣብ መቐለ ካብዛ ዓለም ተፈልዩ። ኣብ መቐለ ድማኒ ጽምዋ ብዘጥቅየ ጭሉቕ ቀብሪ፡ ሓመድ ኣዳም ለበሱ።

ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከምዚ ኣብ ልዕሊ ጡረተኛ ኣብኡ ቐኘዝማች ዘውረዶ ናይ መንነት ኣደራዕ፡ ንመላእ ኣዴታቱ'ውን ንኣዳነሽ በርሀ (ኣዲኡ)፡ ንሃና በርሀ (ሓትንኡ)፡ ንዋዕሮ መትሪያርክን ብረድዊነርን መድህን በራድ (ዓባዩ)ን ንኹሎም የሕዋቱን፡ ኣብ ምስጢራዊ ህጠም ተሃጣጠም፡ ሽፍን ተሽፋፈን ፕሮግራም (Secret Witness Protection Program) ከሳቕዮም መዋእሉ ዘብለየ ገበነኛ ምዃኑ፡ ኢንቨስቲገይተር ሃይለ ንሰማየ ሓቢሮም።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ንኣብርሃ ኮብላሊ እቲ ካልኣይ ዕባይ ኣስመራ መኮነን ወዶም፡ ናብ ሓይሊ ባሕሪ ናይ ንጉሳዊት ኢትዮጵያ ተኸቲቡ፡ ካፕቴን ሓይሊ ባሕሪ ከምዝበጽሐ፡ ድሕሪ ምውዳቕ ደርግ ከኣ ኣብ ቤት ጽሕፈት መከላከያ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ መኮነን ኮይኑ የገልግል ከምዝነበረ፡ ሰማየ ተሓቢሮም።

<u>ምፍራስ ደምበ ጸሎት</u>

ኣብ 2ይ ኲናት ዓለም፡ ኣብ 1941፡ ጣልያን ብወተሃደራዊ ሓይሊ ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ተደፊኦም ካብ ኤርትራ ምስለቐቑ፡ እቶም ዕድለኛታት ደቂ ዓዲ ጸሎት ግዚኦም ስለዝመጸሎም፡ ከይወዓሉ ከይሓደሩ፡ ናብቲ በረኻ ዓዶም ከይዶም፡ ንደምበ ኣብርሃ ከምዘይነበረት ኣፈራሪሶም፡ ደምሰስዋ። ደጊም ዘራያቱ ዝጠፍእዎ ኣብርሃ ኮብላሊ፡ ከም ሰይቲ ሎጥ ንድሕሪት ገጹ ናብ ጸሎት ቁሊሕ ከይበለ፡ ናብታ መረበቱ ኣባ ሻውል ተመሊሱ፡ ዓወት ንሓፋሽ ኢሉ፡ ዓረፈ። ኣብ ኣባ ሻውል ዘጥረያ ባቾለር እናተቐመጠ፡ እርጅና ከምዘርከቦ፡ ኢንቨስቲገይተር ሃይለ ንሰማየ ገለጹ።

**ደጀዝማች ኣብርሃ ሓጎስ ምራጭ ወልደኪዳን ናይ ተምቤን (ኣብርሃ ኮብላሊ)፥ ኣብ 1962፥ ኣብ ኣባ ሻውል፥ ኣብ ባቾለሩ፥ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልየ።**

**ቀብሪ ደጀዝማች ኣብርሃ፥ ብንጉስ ሃይለ ስላሴ ዝተኣዘዘ፥ ብመንግስታዊ ስነ ስርዓት ቀብሪ ተዓጂቡ፥ ብሞቶርከይድ ተሰኒዩ፥ ብኽብሪ ኣብ መካነ ሂወት ቅድስቲ ማርያም ኣስመራ፥ ሓመድ ኣዳም ለበሰ።**

**. . . ይቕጽል**

---

**Please submit inputs, comments and questions. Thank you.**

416-858 9305
haileokbe@yahoo.com